canton de vaud
LIBERTÉ ET PATRIE

**Office cantonal d'orientation scolaire et professionnelle**

**ናይ 1ይ ዓመት Raccordement ተምሃሮ ንዘለዉዎም ወለዲ**

ምልክት ሰነድ፦ AP/JV/est

Lausanne፣ መስከረም 2020

ዝኸበርካ/ኪ ኣቶ ወይ ወይዘሮ፣

ቆልዓኹም መበል 1 ናይ Raccordement ዓመት ትምህርቱ ጀሚሩ ስለዘሎ ኣብ ቀረባ እዋን ብዛዕባ መጻኢኡ ምርጫታት ክገብር ኣለዎ።

ንስኹምን ቆልዓኹምን ኣብ እትውሱንዎ ውሳነታትን እቶም ኣገደስቲ ስጊምቲታት ኣብ ምውሳድን ደገፍ ዝገብሩልኩም **ናይ ሽቕሊ ማዕዳ ወሃብቲ** ኣብቲ ቤት-ትምህቲ ከምኡድማ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ናይ ሽቕሊ ማእከል ኣለዉልኩም። ንሱ/ንሳ ከም ስነ-ኣእምሮኛ ኣብ ክፍሊ ቆልዓኹም ክመጽእ እዩ፣ ብዛዕባ ዝመጽኡ ዘለው ጉዳያት ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣገደስቲ ስጉምቲ ኣብዚ መሰጋገሪ ዓመት'ዚ ምእንቲ ክዘራረቡ። ቆልዓኹም ውልቃዊ ቃለመሕተት ክቕረበሉ እዩ፣ ሽዑ ንስኹም ኣብኡ ክትሳተፉ እንተደሊኹም ብታሕጓስ ንቕበለኩም።

ብተመሳሳሊ፣ ኣብ ኢድና ዝርከቡ እተፈላለዩ ናይ **ሓበሬታ ምንጩታት** እውን ክትጥቀሙ ንዕድመኩም፣ ቆልዓኹም ንክትድግፉ ነዚኦም ኣገደስቲ ስጉምታት ብምውሳድኩም፦-

- ቆጸራታት ሓበሬታ ስራሕ (Info-Métiers) (መደብ ኣብዚ ጥብቆ ኣሎ)
- ናይ ስራሕ ከምኡድማ ናይ ቀጻሊ/ላዕለዋይ ትምህርቲ ዓውደ-ምርኢት (Salon des métiers et de la formation) ካብ ዕለት 24/11/ – 29/11 2020
- እቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ ኣካዳሚያዊ ፕሮግራማትን ሞያታትን ማእከል (CIEP)
- እቶም ኣብ መምሃሪ ክፍሊ VG ንቆልዓኹም ዝተውሃቡ ሰነዳት
- መርበብ ሓበሬታ **www.vd.ch/orientation**
  - ► *Pour les élèves de la scolarité obligatoire*
  - ► *Télécharger les publications de l'OCOSP*

ዝኾነ ቀጻሊ ዘድልየኩም ሓበሬታ ብሓጐስ ክንህበኩም ኢና።

ናይ ኣቓልቦኹም ነመስግነኩም።

ብኣኽብሮት፣

መራሒ መምህር

**ጥብቆታት፦-** ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ።
**ቅዳሕ ናብ፦-** ንዝምልከቱ ናይ ክፍሊ/ክላስ ከምኡ'ውን መራሕቲ መምሃራን ናይቲ ቤት-ትምህርቲ